# ኣገናዕ ንዘይርጡብ ተመራማሪ ወደባት

ብወገነይ ምስ ግርማይ ወዲ ፈሊፖ ዓሚቕ ሌላን ፍልጠትን ኣለኒ ክብል ኣይደፍርን'የ። ሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን ዝተራኸብናሉ ኩነታት ምህላዉ ዝፍለጥ'ኳ እንተኾነ፡ ምስቲ ሽው ዝህሉ ጋዕ ገልጠም ዕሙቕ ዝበለ ዕላል ክንብር'ውን ብዙሕ ዕድል ዝረኸብና ኣይመስለንን። ዕሙቕ ዝበለ ዕላል ስለ ዘይገበርና ድማ ክንፋላለ ወይ'ውን ብዓይኒ ቅርሕንትን ጽልእን ክንረኣኣ ዘግብር ኩነታት'ውን ኣይተፈጥረን ይብል። ኮይኑ ግን ግርማይ ወዲ ፈሊፖ ብዛዕባይ ኣብ ዝተፈላለየ መርበብ ሓበሬታታት ብተደጋጋሚ ክጽሕፍ ካብ ዝዕዘብ ነዊሕ ኣቑጺሩ ኣሎ። ምስ ግዜ ኣብ ልቡ ይምለስ ይኸውን ወይ'ውን ክበሊ'ዩ ብዝብል ጽኑዕ እምነት ግብረ መልሲ ምሃብ ኣድላይነትን ኣገዳስነትን ከም ዘይብሉ ክርአ ጸኒሐ። ሕጂ'ውን ከምቲ ልሙድ <<ኣንታ ጉድ ሰሚዕና ዒመር መን ልኢኩኳ ትመራመር>> ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ብ14 ግንቦት 2017 ኣብ ዝተፈላለየ መርበብ ሓበሬታታት ዝዘርግሖ ጽሑፍ ስመይ ተጠቒሱ ይርከብ።

ሕጂ'ውን ኣብቲ ግርማይ ወዲ ፈሊፖ ኣትይዎ ዘሎ ብርቱዕ ቅርሕንትን ጽልእን ዝመስል ህሞት ከኣቱ ኣገልግሎቱ ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ንገባቲ ስርዓት ህግደፍ ምኻኑ ኣዓርየ ስለ ዝግንዘብ ፍጹም ምርጫይ ዘይምኻኑ ከነጽር ይፈቱ። ብዛዕባ'ቲ ኣብ ልዕለይ ዘቕርቦ ዘሎ ተደጋጋሚ ክስታት ድማ ሰብኣዊ ይኹን ፖሎቲካዊ መንነተይ ልዕለይ ወይ'ውን እቶም ብቀረባ ኣብ ጥዑምን መሪርን ኩነታት ምሳይ ዝቋደሱ ዝነበሩን ዘለዉን ባእታታት ክገልጻ ዝኽእል ጠንቋላይ ስለ ዘይህሉ ብዙሕ ዝስኽፈሉን ዝሽቑረረሉን ምኽንያት የልቦን። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ድማ ብወገንኻ ብዛዕባ'ቲ ብተደጋጋሚ ኣብ ልዕለይ ተልዕሎ ዘይርጡብ ክስታት ብውሽጣዊ ሕልናይ ዝውቕሰሉ ስለ ዘይብለይ ድንብርጽ ከም ዘይብለኒ እናሓበርኩ፡ ግን ንዓይ ምስ ዘይፈልጡኒ ዜጋታት ንምልላይ ትጻወቶ ዘለኻ ዓቢ ኣውንታዊ ኣበርክቶ ኣገናዕ ክብለኻ ይፈቱ። ብርግጽ ረብሓታት ምስ ዝህልዎን ዘሓጉሰኻ ምስ ዝኸውንን ካብኡ ንላዕሊ ብናህሪ ክትቕጽል ተስፋ ይገብር።

ግን ብሓቂ ብኣይ ወገን ዝስከፈሉ ጉዳይ ምስ ዝህሉ፡-

- ብርግጽ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ሓደጋ ውድቀት ንምድሓን ኣብ ቃልሲ ምስ ትህሉ ንህዝቢ ቅኑዕን ኣብ ጭብጢ ዝተመርኾሰን ሓበሬታታት ምቕራብ ግቡእን ግዴታን ስለዝኾነ። ኣብ ቅንዕነት ዘይተሰረተን ጭብጥነት ዘይብሉን ሓበሬታታት ምዝርጋሕ ተመሊሱ ንመንነትካ ኣብ ሕቶ ዘእቱን ንዓኻ ብታሪኽ ዘውቕስን ምኻኑ ስለ ዘይተርፍ።
- ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ኣትይዎ ዘሎ ዓዘቕቲ ንኪይወጽእ ብንጹር ፈተውቱን ጸላእቱን ንኪይፈልጥ ኣብ ጸልማትን ድንግርግርን ከኣቱ ኣብ ምግባር ኣሉታዊ ተራ ትጻወት ኪይትህሉ።
- ኣብ መንጎ ፖሎቲካዊ ውድባት ይኹን ባእታታት ገድላዊ ሕውነትን ምሕዝነትን ኪይድልድል ዘይምትእምማን ከዓሙቕ ኣሉታዊ ግደ ተበርክት ኪይትህሉ።
- ብዕድመ ንእሽቶይ ዘይኮነስ ክልተ ጨጉሪ ዘብቆልኻን ናብ እግዛብሄር ዝቐረብካን ምኻንካ ኣብ ግምት ብምእታው ንውሽጣዊ ሕልናኻ ዝወቕስ ትሰርሕን ሓጥያት ትውስኽን ኪይትህሉ ብዙሕ ይስኽፍ። ንለባም ኣምተሉ ከም ዝበሃል ካብኡ ንላዕሊ ክብል ኣይኽእልን።

ምስ ክቡር ሰላምታ

ነፀረኣብ ኣስመላሽ

17 ግንቦት 2017